ካብ ናርሽክ ናብ ትግርኛ ዝተቶርጎመ

# ሕግታት ምልቃሕ ኣብ ቤት ንባብ ሩሰንሆፍ ሾ

- ቤት ንባብ ኩሎም ንጡፋት ተሳተፍቲ ኣብ ሩሰንሆፍ ሾ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ።

- ኣብ ቤት ንባብ መንነት ካርድ ምስ ኣርኣኻዮም መለቅሒ ካርድ ክወሃበካ እዩ። እዚ መለቅሒ ካርድ ንሮሰንሆፍ ሾ ጥራሕ እዩ ዝምልከት። ናይ ካልእ ቤት ንባብ መለቅሒ ካርድ ውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፣ ግን ቅድሚ ምጥቃምካ ኣብዚ ክተመዝግቦ ኣለካ። መለቅሒ ካርድ ኩሉ ግዜ ናብ ቤት ንባብ ክትማልኦ ኣለካ።

- መጻሕፍቲ ትምህርቲ ኣብቲ ኣብ ክላስ ትጥቀመሉ እዋን ክትልቃሕ ትኽእል ኢኻ። ኮርስ ምስተወደአ ወይ ቤት ትምህርቲ ክተቋርጽ ከለኻ ክትመልሶ ኣለካ። **ኩሉ መጻሕፍቲ ቅድሚ ክረምታዊ ዕረፍቲ ግድን ክምለስ ኣለዎ።**
- መጻሕፍቲ ትምህርቲ ክትቅይር እንተደኣ ደሊኻ መጀመርታ እቲ ድሮ ተለቂሕካዮ ዘለኻ መጻሕፍቲ ክተረክብ ኣለካ ቅድሚ ሓደስቲ ምልቃሕካ።

- ኣብ ቤት ንባብ መዝገበ ቃላት፣ መጽሓፍ ሰዋስዉ፣ ልምምድ ምስማዕ፣ ዲቪዲን ካልእ ዓይነት መጻሕፍቲን ክትልቃሕ ትኽእል። ነዚ ትልቀሓሉ ግዜ 4 ሳምንታት እዩ፣ ዲቪዲ ትልቀሓሉ ግዜ ግን 1 ሰሙን እዩ።

- ናይ ግዜ ሓጹር ሓሊኻ መጻሕፍቲ እንተዘይመሊስካዮ፣ ቤት ንባብ መጻሕፍቲ ምለሶ ዝብል መሰጅ ይሰደልካ። ካልእ ተለቃሒ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ንብረት ሓዚኡዎ እንተዘይጸኒሑ ትልቀሓሉ ግዜ ክሳዕ 3 ግዜ ከተናውሖ ትኽእል። ትልቀሓሉ ግዜ እንተዘይ ኣናዊሕካዮ ወይ ድሕሪ 2 መዘኪርታታት እንተዘይ መሊስካዮ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ክፈሎ ዝብል ደብዳቤ ይመጸካ። ኣብዚ ደብዳቤ ዝተጠቕሰ ናይ ግዜ ሓጹር ሓሊኻ እንተዘይከፈልካ ወይ መሊስካዮ፣ ነቲ ንብረት ዝኸውን መኽፈሊ ወረቐት ይስደደልካ + ከምኡውን ተወሳኺ ክፍሊት 100 ኮሮና። እዚ መኽፈሊ ወረቐት እንተዘይተኸፈሉ፣ እቲ ጉዳይ ናብ ኢንካሶ ይስደድ።

- ካብ ቤት ንባብ ትልቅሖ መጻሕፍቲን ካልእ ንብረትን ጽቡቕ ጌርካ ሓዞ። ድሕሬኻ ካልኦት ሰባት ክልቅሑዎ ምኺኖም ኣይትረስዕ።

- ኣብ መጻሕፍቲ ክትጽሕፍ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብቲ መጻሕፍቲ እንተጽሒፍካ ወይ ብካልእ መገዲ ኣበላሺኻዮ ክትከፍለሉ ኣለካ። መጻሕፍቲ ትምህርቲ ንነፍስ ወከፍ መጽሓፍ 400 ኮሮና እዩ ዋግኡ። ካልእ ንብረት ከኣ ዝተፈላለየ ዋጋታት ኣሎዎ።